OM Å VÆRE FORELDRE I BARNEHAGEN
**TIGRINJA**

# ኣብ ኣጸደ-ህጻናት ከም ወላዲ ትጸወቶ ተራ



# ምትሕብባር ኣብ መንጐ ኣጸደ-ህጻናትን ስድራቤትን

ቈልዓ ክምችኦን ክምዕብልን እንተደኣ ኰይኑ ኣጸደ-ህጻናትን ስድራቤቱን ብቐረባ ክተሓባበሩ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ኣብ ሕጊ ኣጸደ-ህጻናትን ኣብ ትሕዝቶን ዕማማትን ኣጸደ-ህጻናት ዝቐይድ ሕጋጋት ስርዓተ-ውጥንን ልዑል ሚዛን እዩ ተዋሂቡዎ ዘሎ። ጽቡቕ ምትሕብባር ዕዉት ንክኸውን ወለድን ኣጸደ-ህጻናት ግድን እዩ ጥቡቕ ርክብ ክህሉዎም ዘለዎ። ምዓልታዊ ኣብ ግዜ ምብጻሕን ምውሳድን እዮም እዞም ርክባት ዝካየዱ፡ ከምኡ ድማ ብዛዕባ እቲ ተማሃራይ ብዝካየዱ ዝርርባትን ኣኼባታት ወለድን እውን ይካየድ።

# ምጅማር

ምስ ኣጸደ-ህጻናት ዝካየድ ቀዳማይ ርክብ ንስድራቤትን ሰራሕተኛታትን ኣገዳሲ እዩ። እቲ ቈልዓን ወለዱን ካብ ቀዳማይ መዓልቲ ኣትሒዞም ዋሕስነትን እምነትን ንኽስመዮም ኣጸደ-ህጻናት ባይታ ከጣጥሑ ኣሎዎም። ቈልዑ ይፈላለዩ ስለዝኾኑ ኣብ ኣጸደ-ህጻናት ክጅምሩ ከለዉ ዘርእዩዎም መልስግብርታት ነንበይኖም ኢዮም። ገሊኦም ኣብቲ ሓድሽ ኣከባቢ ቀልጢፎም ተለማሚዶም ውሕስነት ይስመዮም፡ ገሊኦም ድማ ንውሕ ዝበለ ግዜ የድልዮም።

ኣብ መጀመርታ እቲ ቈልዓ ኣብ ኣጸደ-ህጻናት ንገለ ውሑዳት ሰዓታት ጥራሕ ምስ ሓደ ወላዲኡ ወይ ምስ ክልቲኦም ወለዱ ክጸንሕ ይግብኦ። ጸኒሑ እቲ ብዝሒ ሰዓታት እናወሰኸ ክኸይድ ይኽእል። እተን ቀዳሞት ምዓልታት ብኸመይ ክምደባ ከምዘለወን እቶም ኣጸደ-ህጻናት ምሳኹም ብምስምማዕ እዮም ዝምድብዎ። ኣብዚ እዋን እዚ ኣብኡ ምህላውን እቲ ቈልዓ ክደልየካ ከሎ ኣለኹኻ ንምባል ኣብ ቀረባ ምህላው ኣገዳሲ እዩ። ክትከዱ ከለኹም ኩሉ ግዜ ሓብሩ። ክትከዱ ከለኹም እቶም ኣለይቲ ኣብቲ ኣጸደ-ህጻናት ዘለው ክኣልዩዎ ከም ዝኾኑ ንውላድኩም ክትነግርዎ ኣለኩም። ከምኡ ኢልካ ምሕባር ነቲ ቈልዓ ውሕስነት ክስመዮን ኣባኹምን ኣብቶም ሰራሕተኛታት እምነት ከሕድርን እጃሙ የበርክት እዩ።

ብዙሓት ኣጸደ-ህጻናት እቲ ቈልዓ ኣብ ኣጸደ-ህጻናት ደድሕሪ ምጅማሩ ምስ ወለዲ ክዘራረባ ይደልያ እየን። እዚ ዝርርብ ኣጸደ-ህጻናት ምስቲ ቈልዓ ንኽላለዩ ንኽሕግዞም እዮም ዘካይዱዎ። ኣብዚ ዝርርብ ውላድኩም ዘድልዮ ፍሉይ ደገፋት ክትሕብሩዎም ትኽእሉ ኢኹም። ምስ መግቢ፡ድቃስን ዝንባለታትን ዝተተሓሓዘ ክኸውን ይኽእል፡ ነቲ ቈልዓ መን ክወስዶ ይፍቀደሉ ወይ ካልእ ኣብ ግምት ክኣትዉ ዘለዎም ነገራት ክኸውን ይኽእል። ኣብዚ ዝርርብ ኣጸደ-ህጻናት ኣገዳሲ ሓበሬታ ክህቡኹም ውን ዕድል ይረኽቡ።












## ሓበሬታ ብዛዕባ ትሕዝቶ ኣጸደ-ህጻናት

ኩለን ኣጸደ-ህጻናት ስነ-ምህሮኣዊ መደባተን ዝገልጽ ዓመታዊ ስርዓተ-ውጥን ኣለወን። ከም ተወሳኺ ኣጸደ-ህጻናት ወርሓዊ ደብዳቤታት ብምስዳድ ወይ ብደረጃ ጨንፈር ኣጸደ-ህጻናት ደብዳበታት ብምስዳድ ሓበሬታ ይህባ እየን። ኣብዚ እንታይ ክገብሩ መዲቦም ከምዘለዉን እቶም ዝተፈጸሙ ንጥፈታት ውን ዝተገበረሎም ገምጋማትን ይሕበረኩም። ብዙሓት ኣጸደ-ህጻናት ኣብ ውሽጢ ሓደ ምዓልቲ እንታይ ተጌሩ ብስእልታት፡ ጽሑፋት ወይ ብክልቲኡ ኣገባባት ብቐጻሊ ይሰንዳኦ እየን። ብዙሓት ኣጸደ-ህጻናት ውን ብዲጂታላዊ ኣገባብ ሓበሬታ ክትለዋወጡ ዘኽእለኩም ዕድላት ኣለወን።

## ኢወግዓውያን ዝርርባት

መብዛሕትኡ ኣብ መንጎ ኣጸደ-ህጻናት ወለድን ዝካየዱ ዝርርባት ኢወግዓውያን እዮም፡ ንኣብነት ኣብ መቐየሪ ልባሳት ኣብ ግዜ ምብጻሕን ምውሳድን ዝካየዱ ዝርርባት ማለት ኢዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ኣብኡ ካልኦት ቈልዑን ዓበይትን ኣለዉ። ካልእ ሰብ ክሰምዖ ዘይትደልዩዎ ኣርእስትታት ክትዘራረቡሉ እንተደኣ ደሊኹም ድማ በይንኹም ኮይንኩም ክትዘራረቡሉ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።


© Nina Honningsvåg Træet

## ወግዓውያን ዝርርባት

ኣብ ውሽጢ ናይ ሓደ ዓመት ዘሎ ግዜ እቶም ኣጸደ-ህጻናት ብዛዕባ ምዕባለታት ናይቲ ቈልዓ ንከዛራርብኹም ግድን ኢዮም ክጽውዕኹም። እዚ ኣብ መንጐ መምህር ኣጸደ-ህጻናትን ወለዲን ናይ ነፍስ ወከፍ ቈልዓን ዝካየድ ዝርርብ እዩ። ኣብዚ ዝርርብ እዚ ኣጸደ-ህጻናት ውላድኩም ዘድልዮ ደገፋት፡ ክሳብ ክንደይ መቺኡዎ ከምዘሎን ምዕባለኡ ከመይ ከምዘሎን ብዛዕባ ተመኩሮታቶም ከዘራርቡኹም ይኽእሉ። እንተ ደሊኹም እውን ብዛዕባ ምዕባለታት ናይቲ ቈልዓ ክትዘራረቡ ከለኹም ኣጸደ-ህጻናት ኣተርጓሚ ክጠልበልኩም ይኽእሉ ኢዮም።

## ኣኼባ ወለዲ

ኣብ ዓመት ሓንሳብ ወይ ክልተ ግዜ ኩሎም ወለዲ ኣጸደ-ህጻናት ዝዕደሙሉ ሓባራዊ ኣኼባ ወለዲ የካይዱ ኢዮም። ኣብዚ ኣኼባ ወለዲ ንኣጸደ-ህጻናት ዝምልከቱ ኣርእስትታት ኣልዒሎም ይዝቱዩሉ፡ ኩላቶም ድማ ርእይቶታቶም ከስምዑ ይኽእሉ።

## ሽማግለ ወለድን ተሓባባሪት ኮሚቴን/Forelderåd og samarbeidsutvalget)

ሽማግለ ወለዲ ብምሉኦም ናይቶም ኣብ ኣጸደ-ህጻናት ዘለዉ ቈልዑ ወለዶም ዘጠቓለለ እዩ። ሽማግለ ወለዲ ንሓባራዊ ረብሓታት ወለዲ እዩ ዝሰርሕ፡ ከምኡ እውን ኣብ መንጐ ኣጸደ-ህጻናትን ጕጅለ ወለድን ዘሎ ምትሕብባር ኣብ ኣጸደ-ህጻናት ኣወንታዊ ሃዋሁው ንምፍጣር እጃሙ ከምዘበርክት ንምግባር ኢዩ።

ኮሚቴ ጉዳያት ምትሕብባር (SU) ወለድን ሰራሕተኛታት ኣጸደ-ህጻናትን ዘጠቓለለ እዩ። ኮሚቴ ጉዳያት ምትሕብባር ኣብ መንጐ ኣጸደ-ህጻናትን ስድራቤትን ጽቡቕ ምትሕብባር ንክህሉ ዝዓለመ እዩ ስርሖም። ኣገደስቲ ጉዳያት ኣጸደ-ህጻናት ብኮሚቴ ጉዳያት ምትሕብባር ኢዩ ክተሓዝ ዘሎዎ። ከም ኣብነት ገለ ካብዞም ጉዳያት ዓመታዊ ውጥን፡ ምስላዕ ባጀት፡ ምቕያር ዓይነት ኣሰራርሓ ወይ ኣወዳድባ እዩ።

---

BERGEN
KOMMUNE

Foto forside: © Asle Bentzen
Svanemerket trykksak, 2041 0731
Skipnes.no